# መደረ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ

# ኣቶ ዑስማን ሳልሕ

# ኣብ መበል 76 ኣኼባ ሓፈሻዊ ባይቶ ሕቡራት ሃገራት



ክቡር ዓብደላ ሻሂድ- ፕረዚደንት ሓፈሻዊ ባይቶ

ክቡር ኣንቶንዮ ጉተረሽ - ዋና ጸሓፊ ሕቡራት ሃገራት

ዝኸበርኩምን ዝኸበርክንን!

ንክቡር ፕረዚደንት ሃገረ ኤርትራ ኣቶ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ወኪለ፡ ዋላ'ኳ ብማንዛ እንተኾነ፡ ነዚ ግሩም ባይቶ ናይ ሃገራት መደረ ከስምዕ፡ ሓበን ይስመዓኒ። ቀጺለ፡ ክቡር ዓብደላ ሻሂድ - ፕረዚደንት መበል 76 ኣኼባ ሓፈሻዊ ባይቶ ሕቡራት ሃገራት ኬንካ ብምምዛዝካ፡ ብስም መንግስትን ህዝብን ኤርትራ ዮሃና እብል። ክብደት ናይ'ቲ መዝነት ስለ እንግንዘብ ድማ፡ ምሉእ ደገፍና ነረጋግጸልካ። ብተወሳኺ፡ ቅድሜኻ ንዝነበረ ክቡር ቮልካን ቦዝኪር፡ ስለ'ቲ ብሱል መሪሕነቱን ዕዉት ምዝዛም መበል 75 ኣኼባ ሓፈሻዊ ባይቶን፡ ዕዙዝ ምስጋና ነቕርብ። ዝኸበርካ ፕረዚደንት ዘሎናዮ ግዜ፡ ወሳኒን ብብዙሕ መዳያት ቅድሚ ሕጂ ተራእዩ ዘይፈልጥን ዘየላቡን እዩ። ዓለምና ብሰለስተ ከበድቲ ብድሆታት ኣብ ነውጺ ትርከብ። 1.ለበዳ ናይ'ቲ ገና ኣብ ሓያሎ ክፋላት ዓለም ሓለንጊ ቅዝፈት ዘዕርፍ ዘሎ ኮሮና ቫይረስ፡ 2.ንህላወና ኣብ ሓደጋ ዘውድቕ ነውጺ ክሊማዊ ለውጢ፡ 3.እናበኣሰ ዝመጽእ ዘሎ፡ ዲናሚካዊ ለውጢ ኣብ ኣህጉራዊ ሚዛን ሓይሊ ዝፈጠሮ ስግኣት ሓደገኛ ኣህጉራዊ ምትህልላኽን ናዕቢን።

እዚ ኣሻቓሊ ብድሆታት'ዚ፡ ንገለ መሰረታውያን ሓቅታት ኣጒሊሑ እዩ። ኣብ ገለ ቁጠባዊ ሞዴላት ንዘሎ ኣበርን ዘይብቑዕነትን እውን ኣድሚቑ። ካብኡ ሓሊፉ፡ ኣብ ኣህጉራውን ዘቤታውን ምሕደራ ንዘሎ መዋቕራዊ ሕጽረታትን ጸገማትን ኣቃሊዑ። ንሃሳዩ ሳዕቤናት ዝሑል ኲናት ንጎኒ ገዲፍና፡ ድሕሪ ምዝዛሙ፡ ገለ ሰብ ፍሉይ ረብሓ ጉጅለታት ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን ኤውሮጳን፡ እንኮ-ቁጥባዊ ዓለማዊ ስርዓት ንምውሓስን ንምድልዳልን ዝምቡዕ ፖሊሲታት ክኽተሉ እዮም ተራእዮም። እዚ ድማ፡ ነቲ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ዓለምና ርጉእ ማሕበራውን ቁጠባውን ገስጋስን ብልጽግናን ንምርግጋጽ ከገልግል ዘለዎ ሃዋህው ዝጻባእ'ዩ። ኣብ'ቲ ምዕቡል ዓለም'ውን እንተኾነ፡ ኣብ መንጎ ሓደ ሚእታዊት ናይ'ቲ ህዝቢ ዘይኣኽሉ - ውሑዳት ሃብታማትን እቲ ዝበዝሐ ህዝብን፡ ብዝኾነ መለክዒ ዘይቅቡል - ኣዝዩ ገዚፍ ጋግ ዘይምዕሩይነት እቶትን ዘይጥዑይ ማሕበራዊ ጫሌዳን'ዩ ኣስዒቡ። ኣብ ኣህጉራዊ ደረጃ፡ ምዕሩይ፡ ውዱንን ሕጊ ማእከል ኣብ ዝገበረን ኣህጉራዊ ስርዓት ዝተሰረተ ጥዑይ ናይ ምውድዳር ስትራተጂን ሓባራዊ ፍኖተ-ዕቤትን ብልጽግናን ንምዕንቃጽን ንምዕጋትን፡ ሕሱም ናይ ምዕምጻጽን ምኽርዳንን ፖሊሲታት ክስግደድ ጸኒሑን ኣሎን።

እዚ ድማ፡ ኣብ መጻኢ ናይ ምትፍናንን ዘይምርግጋእን ሃዋህውን ጸገማትን ዘስዕብ፡ ሓደገኛ ኣካይዳ'ዩ። ስለዝኾነ፡ ብዕቱብን ቅኑዕን ሕልና ኣብ'ዚ ጉዳያት'ዚ ምትኳር፡ ናይ ኩላትና ግዴታን ሓላፍነትን'ዩ። ከም'ቲ ኣቐዲመ ዝጠቐስክዎ፡ ዓለምና ክሳብ ሕጂ ምስ ቀዛፊ ለበዳ ኮቪድ-19 ተፋጢጣ'ያ ዘላ። “ምምዕባል ተጻዋርነት ብተስፋ - ካብ ኮቪድ-19 ንምሕዋይን ብዘላቕነት መደባት ዳግም ንምስልሳልን፡ ጠለባት ፕላኔትና ዝምልስን መሰላት ህዝብታት ዘኽብርን ምህዳስ ውድብ ሕቡራት ሃገራት!” ዝብል ቴማ መበል 76 ኣኼባ ሓፈሻዊ ባይቶ፡ ምስ'ቲ ኩነታት ዝሳነን ተስፋ ዝህብን'ዩ። እንተኾነ ግን፡ ኩሉኹም ከም እትግንዘብዎ፡ ንሰብኣውነት ዘጋጥሞ ዘሎ ክውንነት፡ ጽንኩርን ብዙሕን'ዩ። በዚ ኣጋጣሚ'ዚ፡ ብዓለማዊ ለበዳ ኮቪድ-19 ዝፈትውዎም ብሞት ንዝሰኣኑ ስድራቤታት ዝስመዓኒ ሓዘን ክገልጽን ምስ ኣባል ሃገራት ዘለና ምሕዝነት ከረጋግጽን እፈቱ። ዝኸበርካ ፕረዚደንት ኣህጉራዊ ስምምዕ ዝተበጽሓሉ ትግባረ ሸቶታት ልምዓት ብምልኣት ንምትግባር፥ እናዓበየ ዝመጽእ ዘሎ ስግኣት ክሊማዊ ለውጢ ንምግታእ፥ ከምኡ'ውን ስግኣታት ኣህጉራዊ ሰላምን ጸጥታን ንምብዳህ፡ ብሓፈሻ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ብደረጃ ዓለም ኣጋጢሞም ዘለዉ ከበድቲ ብድሆታት ንምስጋር፡ ሓያል፡ ዝያዳ ወካሊ፡ ግሉጽ/ሸፋፍ፡ ልዕሊ ኹሉ ድማ፡ ኣድማዒ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ክህሉ የድሊ። ዓሚ ከም'ዚ እዋን ከም ዝጠቐስናዮ፡ ምንዳይን ምርግጋጽን ዘላቒ ዓለማዊ ሰላም፡ ከምኡ'ውን ምርግጋእን ብልጽግናን ክዉን ክኸውንን ክዕንብብን፡ ኣብ ህላወ ንኹሉ'ዚ ብድሆታት ገጢሙ ክሰግር ዝኽእል ሓያልን ኣድማዕን ኣህጉራዊ ውድብ'ዩ ዝምርኰስ።

እዚ ሓቂ'ዚ ድማ፡ ሎሚ - ልዕሊ ማንም እዋን ጕሊሑ ኣሎ። ስለ'ዚ፡ በዚ ኣጋጣሚ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓሰርተታት ዓመታት ስልጣኑን ኣድማዕነቱን ተባሕጕጉ ዝጸንሐ ስርዓት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ንምድልዳልን ንምህዳስን ኣቐዲምና ንዘቕረብናዮ ጻውዒት፡ ደጊመ ኣሐድስ። ሕማኞ ዕድል ኰይኑ፡ ብኣሃዳዊ ስጕምቲታት ናይ ውሑዳን ልሉያት፡ ሓያሎ ትካላት ለሚሰን እየን። ክቡር ፕረዚደንት ብምኽንያት ለበዳ ኮቪድ፡ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ኣጋጢሙ ዘሎ ቁጠባዊ ጸገማት፡ ጸኒሐ ዝገልጾ፡ ዓሰርተታት ዓመታት ዘቍጸረ፡ ዝንቡዕ ፖሊሲታት ዓበይቲ ሓይልታት ፈጢሩዎ ዘሎ ሓደገኛ ግጭት እውን ዝተደርየ እዩ። ኣብ

ዝሓለፈ ኣዋርሕ ኣብ ዝሰፍሐ ክፋል'ቲ ዞባ፡ ብጉዳያት ሓጽቢ ህዳሰን ዶባዊ ምስሕሓብን ክዓርግ ዝጸንሐ ወጥሪ ከኣ፡ ኣብ ርእሲ ኣላታ ተወሰኸታ እዩ። ብርእይቶ ኤርትራ፡ እዞም ግድላት እዚኣቶም፡ ብጽቡቕ ፖለቲካዊ ድሌትን ሓድሕድ ምትእምማንን፡ ነዊሕ ዝጠመተ ሓባራዊ ረብሓ ናይ ኩሎም ዝጸልዎም ወገናት ግምት ብዝህብ ምይይጥ ክግርሑ ዘይክእሉ ኣይኮኑን። ብፍላይ ሓጽቢ ህዳሴ ብዝምልከት፡ ጉዳያት ዘዐርዕሩን ዘአህጉሩን መድረኻት፡ ጠለባት ናይተን ቀንዲ ሃገራት ተፋሰስ - ኢትዮጵያ፡ ሱዳን፡ ግብጺ - ኣብ መቓን ሓባራዊ ምትሕግጋዝ፡ ቴክኖሎጂያዊ ኣማራጺታትን ፍታሓትን ዘላቒን ጠማሪን ምላሽ ከይረክብ ዝዕንቅጹ እዮም። ዝኸበርካ ፕረዚደንት ከም ዝዝከር፡ ኣብ ሓምለ 2018፡ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝተኸተመ 'ሓባራዊ ኣዋጅ ሰላምን ምሕዝነትን'፡ ሓድሽ ናይ ተስፋ እዋን ዘበሰረ'ዩ ነይሩ። ኣገዳስነት ናይዚ ታሪኻዊ ዓወት'ዚ፡ በቲ ኣብ ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝፈጠሮ ባህታን ፈንጠዝያን ደሚቑ ተራእዩ እዩ።

እንተኾነ ጉጅለ ህወሓት፡ ነዚ ክውንነት'ዚ ክቕበሎን ክርዕሞን ኣይከኣለን። በዚ ምኽንያት፡ ንመስርሕ ሰላም ኤርትራን ኢትዮጵያን ክዕንቅጽን ተመሊሱ ስልጣን ብሓይሊ ክምንዝዕን፡ ኣብ ዝተፈላለየ ናይ ናዕቢ ተግባራት ተጸሚዱ ጸኒሑ። ወያነ ኣብ ኢትዮጵያ ስልጣን ሒዙ ኣብ ዝነበረሉ፡ ብቕሉዕ ግህሰት ኣህጉራዊ ሕጊን ምሕሳም ብይን ኮምሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ንኣስታት ክልተ ዓሱረ ዓመታት፡ ልዑላዊ ግዝኣት ኤርትራ ጎቢጡ ምጽንሑ ዝፍለጥ'ዩ። ኣብዚ ዝተጠቕሰ ግዜ፡ ወያነ - መጠነ ሰፊሕ ኲናት ንምውላዕ፡ ኣንጻር ኤርትራ ብተደጋጋሚ ተኹታኹ ተግባራት ይፍጽም ነይሩ። ስምምዕ ሰላም ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ኢትዮጵያ ትግባረ ናይቲ ብይን ብዘይውልውል ክትቅበል ዝጠልብ'ኳ እንተኾነ፡ ወያነ ነዚ ስምምዕ'ዚ ብቕንዕና ካብ ምትግባር ሓንጊዱ እዩ። ኣብ ኢትዮጵያ'ውን፡ ወያነ - ነቲ ብህዝባዊ ድሌት ዝተኸስተ እወታዊ መስርሕ ለውጢ፡ ብዝተፈላለየ እከይ ተግባራት ንምዝራጉ ክህቅን ጸኒሑ ኣሎ። ኣብ መወዳእታ እኪቱ ብምዕራግ፡ ነቲ ዝዓበየ ክፋል ሰራዊት ኢትዮጵያ - ሰሜን እዚ፡ ኣጽዋራቱ መንዚዑ ብምልማስ፡ ብሓይሊ ናብ ስልጣን ንምምላስ ሓደገኛ ስጉምቲ ወሲዱ። ውጥን ወያነ፡ ናብ ኤርትራ ዝቐንዐ ወተሃደራዊ ወራር እውን ዘጠቓልል'ዩ ነይሩ። በዚ ቀይዲ-በተኽ ጉጅለ'ዚ ዝተወሰደ ናይ ቀቢጸ ተስፋ ስጉምቲ፡ ኣብ ኢትዮጵያ፡ ኤርትራን ቀርኒ ኣፍሪቃን ክፈጥሮ ዝኽእል ዝነበረ ሓደገኛ ኩነት ብዙሕ መብርሂ ዘየድልዮ - ንጹር'ዩ። እቲ ዝያዳ ይቕረ ዘይብሃሎ ከኣ፡ ወያነ ዝፈጸሞ እከይ ተግባርን ምንዕዓብን ዘኸተሎ ዕንወትን ብምሽፍፋን፡ ብዝኾነ ዋጋ ነቲ ጉጅለ ንምድሓንን ዳግም ህይወት ከምዝሰኩዕ ንምግባርን፡ ገለ ሃገራት፡ ብፍላይ ኣመሪካን መሻርኽታ ሃገራት ኤውሮጳን ዝሓዝኦ መርገጺ'ዩ።

ነዚ ገበነኛ ጉጅለን ነቶም ብኣህጉራዊ ሕጊ ዝተፈቕደ ግቡእን ዓጋቲን ግብረ መልሲ ክህቡ ዝተገደዱ ወገናትን፡ ምዕሩይ ሞራላዊ ቦታ ንምሃብ ዝንዛሕ ዘሎ ናይ ሓሶት ጸብጻባት ዝርዝራቱ ኣብ ምግላጽ ግዜኹም ከጥፍኣልኩም ኣይደልን። እዚ ተግባር'ዚ፡ ነቲ ኣቐዲመ ዝጠቕስክዎ ኣብ ግሎባዊ ስርዓተ ምሕደራ ዘሎ መዋቕራዊ ድኻም ኣጸቢቑ ዘጉልሕ'ዩ። ኤርትራ ብተመሳሳሊ ሕሉፍ ተግባራት ብዙሕ ተሳቕያ እያ። እዚ ተመሊሱ ክድገም የብሉን። በቶም ንልዑላውያን ሃገራትን ህዝብታትን ከም ዊንታኦም ክረግጹ ዝኽእሉ ኮይኑ ዝስምዖም ሓይልታት ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝወረደ ዘይፍትሓውነት፡ ክብቕዕ ይግብኦ።

የቐንየለይ